## 2. ትምህርቲ ቓንቓ ጀርመን

ኣብ ስዊዝ ዕላዊ ዝኮና ኣርባዕተ ቓንቓታት ኣለዋ፡ ንሳተን ካኣ ጀርመን፡ ፈረንሳ፡ ጣልያንን ሬቶሮማኒሽ፡ ኣብቲ ቓንቓ ጀርመን ዝዛረበሉ ከባቢታት ስዊዝ ኣፉዊ ሽቫይዘር ዶች ይዛረብ። ምስ ደቂ ስዊዛውያን ክትረዳዱኡ ተኮይንኩም ካኣ ቓንቓ ጀርመን ክትዛረቡ ወይ ክትማሃሩ ክትእክሉ ኣለኹም። ከም ምክሪ ካኣ እቲ ትማሃርዎ ትምህርቲ ጽሑፋዊ ጀርመን ማለት ሆክ ዶች ኽከውን ዝተመረጸ እዩ። እዚ ካኣ ምእንቲ ነብስኹም ኪኢልኩም፡ ኣብ ሞያ ይኩን ማህበራዊ ጉዳይ ብዘይ ጸገም ንክትነጥፍን ንክትዋሃሃዱ ይሕግዘኩም።

ኣብ ባዝል ካኣ ብዙሓት ትካላት ዋሃብቲ ኣገልግሎት ትምህርቲ ቓንቓ ጀርመን ከምኡውን ወሃብቲ ኣገልግሎት ምክሪ ኣለዋ። እዘን ትካላት ካኣ ንሕቶ ኢንተግረሽን ብሰፊሑ ብግብእ ይምልሳ። ኣብዚ ትካል ድማ ቓንቓ ጀርመን፡ ስልጠና ኢንተርግረሽን ዝርርብን ክትማሃሩ ትክእሉ ኢኩም።

- ንዓኹም ዝማግጠን ትምህርቲ ቓንቓ ጀርመን ክትመርጹ ድማ፡ ኣብ ትካላት ዋሃብቲ ኣጎልግሎት ምኽርታት ከም በዓል GGG Migration፡ ኣውስለንደራኣምት Ausläderdienst ባዝል ላንድ ብነጻ ሓበሬታት ክትሓቱ ትክእሉ ኢኩም። ብዝያዳ ሓቤሬታ ድማ ኣብ ኢንተርነት www.ggg-migration.ch  ወይ ድማ www.auslaenderdiensttbl.ch ክትረኽብዎ ትክእሉ ኢኹም።

ካንቶን  ከተማ ባዝል ድማ ንሓደስቲ ወጻእተኛታት ዝመጹ፡ ንሓደ ዓመት ብነጻ ቓንቓ ጀርመን ተምህር። ነዚ ዝምልከት ተዋሳኪ ሓበሬታ ኣብ www.intergration-bsbl.ch ኣብ ትሕቲ ዶች ኮርስ ዝብል ኣርእስቲ ብዝበለጸ ትረክብዎ።